# ሰብር ውደ !

እቲ ዘይእግሞ ምምብሃቑ
ንደርሆ ይብላ ተላይ ኣውድቒ ( ውለዲ )
ንህሞት ዝጥይቕ ሕሱም መጻቓጸቑ ( ደጋጊምካ ምሕታት )

ነቲ መሰጋገሪ ወቕቲ ስሒቱ
ንደርሆ ከተውድቕ ይቕስባ ብሓደኣፊቱ
ሓቚቕን ምቋቋቑውን ብስራት ወሊድ ክንሱ ምልክቱ ፡

``ካብ ሎሚ ዘበን እንቋቑሖ ፡ ንዓመታ ደርሆ``
`` ሰብር ውደ ``ኒሕን ዓቕልን'ዩ ንወቕቲ ዝብድሆ
ሃወኽ ድኣ ንብርዒ'ኳ ዘይጠቕመት ! ብንግሆ ፡

ኣየ ! ሃካይ ጽሩእ ምምብህቑ እስከ ነዋህልል
ካብ ቦኹሪ ናጽነት ምስ በልና ዕልል
ንሳዋ ድማ መሃዘ ኣላይ ኩሉ ኣየ ክውሕልል ፡

ማ.ሞ.ስ ትጥርቕብ ኣላ ተዋህልል ( ማእከል ሞያዊ ስልጠና )
ኣብ መንእሰይ ፍልጠት ትጽልኽ ከም ጣይታ ሽብልል ጣይታ ስገም
ሳላ ማሞስ እተረኽበ ሞያዊ ስልጠና በለሉ ሕምብሊል
ግን ! ዕድል መንሳቲት እያ ፡ ኣብ ስጉምኻ ዋሕልል ፡

ኣንታ ካብ ሃገር እተርሕቕ እትኹብልል
ኤርትራስ እምበር ትሓኹሮ ትድይብ ኣላ በብሓደ መሳልል
ኣብ ንእስነትካ ዘይረወኻዮ ፍልጠት ፡ ጽባሕ እንታይ ከተዕልል ፡
በል እስከ ክፈል 2% መባእ ሃገር ፡ ኣለዎ እኮ ዓስቢ
ንስኻውን መንእሰይ ንሓላፊ ሳዋ ንምንታይ ትኣቢ
( ካብ ቅጥኒ ዝቐጥን ) ፍቱን እኮ እዩ
ፋእሚ ተጠቒባ እትምስራሕ እያ ጋቢ ፡ ተጠንቀቕካ

ውህልልቲ ፍልጠት ጸጋዊት ኣገዋዲት
ዕዮ ዋርሳይ ትሃንጽ ኣላ ንሃገር ኮይና ዓዋዲት ምኹላል
ርእሰ-ምርኮሳ ንቕሎና ፡ ንስኑ-ፏሳብና ኾይና ኣላ ኣሰዋዲት ፡

ሃገራዊ ኣገልግሎት እተጮድራ ኣእምሮ ዕሩይ ጥጡሕ
ማሞስ ዘቕሰመቶ ሞያ ፡ ንሓንጎል ይገብሮ ምዕራይ
መንእሰይ ሎሚ ንቓሕ ፡ ከይትኸውን ናይ ድንቁርና ስሩይ ፡

ዓወት ንሓፋሽ !

ዙካርያስ ተስፋጽዮን ከተማ ማንሃይም ፡

ዘካርያስ ተስፋጽዮን ከተማ ማንሃይም ጀርመን